መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ሓለቓ ቤት መቅደስ ናብ የሱስ ከምዝመጸ

ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Byron Unger; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፤ M. Maillot; Sarah S.

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.

ፍቓድ፤ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፤

ሓደ ግዜ የሱስ ናብ ቤት መቕደስ መጸ። ምስመጸ ግና እታ ቤት መቕደስ ናብ ዕዳጋ ናይ ኣባጊዕን መሸረፍ ገንዘብን ገይሮማ ረኺሳ ጸንሓቶ።



ካብ ገመድ መግረፊ ሰርሑ፡ ካብቲ ቤት መቅደስ ኣውጽኦም፡፡ "ነዚ ንብረትኩም ካብዚ ኣርሕቕዎ" የሱስ ኣዘዞም። "ንቤት ኣቦይ ናይ ንግዲ ቦታ ኣይትግበርዎ" በሎም። የሱስ ንቤት ኣብኡ
ይፈትዎ ነበረ፡፡





ነዚ ምስ ርኣዩ እቶም
መራሕቲ ኣይሁድ፡
መን'ዩ እዚ ንቤት
መቕደስ ከጽርዮ ስልጣን
ዘልዎ በሉ። " ነዚ ቤት
መቕደስ ኣፍርስዎ፡ ኣነ
ከኣ ኣብ ሰለስተ መዓልቲ
ክሓንጾ እየ" የሱስ መለስሎም።
ዝይከኣል'ዩ! እዚ ቤት
መቕደስ ንክስራሕ ኣርብዓን
ሽዱሽተን ዓመት
እዩ እኮ ወሲዱሉ።

የሱስ ግን ብዝዕባ መቅደስ ስግኡ እዩ ዝተዛረበ። ልክዕ ከምቲ ቤት መቅደስ፡ የሱስ ውን ናይ ኣምላክ ምሕደሪ እዩ። የሱስ ምስ ሞተ ኣብ ሰለስተ መዓልቲ ከምዝትስእ ይፈልጥ ነይሩ እዩ።





ሓደ ምሸት፡ ሓደ
ሓለቓ ቤት መቅደስ
ናብ የሱስ መጸ። እቲ
የሱስ ዝገበሮ
ትኣምራታት ሰምዑ፡
ንሱ ካብ ኣምላኽ
ዝተላከ ምዃኑ
ይፈልጥ ነበረ። ሕጂ
ኒቀድሞስ ብዛዕባ
የሱስ ብዙሕ ክፈልጥ
እዩ መጺኡ፡፡



የሱስ ድማ ሰብ ናብ
መንግስቲ ኣምላኽ
ዝኣቱ ዳግም ምስ
ዝውለድ ጥራይ ምዃኑ
ነገሮ። ንቀዲሞስ ግን
ኣይተረድኦን። ከመይ
ገይሩ ሰብ ምስ ዓበየ
መሊሱ ቆልዓ ኮይኑ
ይውለድ፡ ኢሉ ድማ
ሓሰበ።



"እቲ ካብ መንፈስ
ዝተወልደ መንፈስ
እዩ" የሱስ ክገልጸሉ
ጀመረ። " ኣምላኽ
መንፈስ እዩ። ከምቲ
ንፋስ ዘይርኤ፡ እቲ
ንፋስ ዝገብሮ ግን
ዝርኤ ከምኡ
ኣምላኽ ኣይርኤን፡
ዝገብሮ ነገር ግን
ትርእዮ" በሎ።



ካብ ታሪኽ ናይ እስራኤል ድማ ነገሮ።
ሓደ ግዜ ናብ ሙሴ ኣጉረምረሙ። "ዝኾነ መግቢ፡
ማይ የለን። ነዚ ኣምላኽ ዝሃበና ማና ክኣ
መኒናዮ" ኢሎም ከምዝበኸዩ ነገሮ።

እቲ ዝገበርዎ ሓጢኣት ንኣምላኽ
ኣቖጥዖ። ዝናኸሱ ኣትማን ድማ
ልኣከሎም። እቶም ኣትማን ድማ ነቲ ህዝቢ
ነኸስዎ። ብዙሓት ድማ ሞቱ፡



ንሙሴ " ሓጢኣት ገርና ኢና፡ ነዞም
ኣትማን ከርሕቐልና ናብ ኣምላኽ
ስሌና ጸሊ!" በልዎ። ሙሴ ድማ
ጸለየ። ኣምላኽ ግን ነቶም
ኣትማን ኣየጥፍኦምን።





ሙሴ ተመን ኣስራዚ ክገብር፡
ኣብ ባላ ድማ ክሰቅሎ ነገሮ። "ኩሉ
ብተመን ዝተነኽሰ እሞ ናብ ዝተሰቅለ
ተመን ኣስራዚ ዝጠመተ ኣይመውትን
እዩ" ድማ በሎ። ሙሴ ድማ ከምኡ
ገበረ፡ ናብኡ ዝጠመተ ድማ ይድሕን
ነበረ።


ወዲሰብ ድማ ከምቲ ተመን
ኣስራዚ ከምዝሰቀል ነገሮ፡፡
የሱስ ምእንቲ ሓጢኣተኛታት
ኣብ መስቀል፣
ከምዝሰቀል እዩ
ነጊርዎ።


የሱስ ድማ በሎ፡
"ኣምላኽ በቲ ሓደ ወዱ
ዝኣመነ፡ ናይ ዘልኣለም
ህይወት ክረክብ እንበር
ከይጠፍእ ምእንቲ
ንዓለም ክሳዕ ክንድዚ
ኣፍቀራ"።


እዚ ማለት ዝኮነ
ብየሱስ ዝኣመነ፡
ስድራቤት
ኣምላኽ ይኸውን
ማለቱ እዩ።

ኒቀዲሞስ ሽዕኡ ምሸት እኳ ናይ የሱስ ስዓቢ እንተዘይኮነ
ድሕሪ ብዙሕ ግዜ ግን የሱስ ምስሞተ
ስለዝቀበሮ ንየሱስ ከምዘፍቅሮን
ብየሱስ ከምዝኣመነን
ኣርእዩ እዩ።



ድሕርዚ የሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባ ኣምላኽ ክነግርዎምን ብየሱስ ንክኣምኑ ምእንቲ ዕድል ክረክቡን፡ ናብ ደቡብ ኣቢሎም ከዱ።



ሓለቃ ቤት መቅደስ ናብ የሱስ ከምዝመጸ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዮው 2-3, ዘሁ 21

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130


መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ግና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16